ጅግና ወዲ ዓሊ ምስ ብጾቱ ቅድሚ፣ ሓሙሽተ ዓመት ከምዛ ሎሚ፣ንዓለም ኢሎማ ደሐን ወዓሊ፣ታሪኽ እንበር፣ ወዲ ሰብ ኣይኮነን ነባሪ፣ኤርትራዊ እንበር ኣይኮነን ኢትዮጵያዊ፣ ንድሕነት ህዝቡ ተበጃዊ፣ተባራብር ሃገራዊ፣መቃብር ስዉኣት እነሆ ይእዊ።




ኣብ 21 ጥሪ ታሪኽ ገዲፉ፣ስዉእ ወዲ ዓሊ ሐጃይ ሐሊፉ፣ ንዘይ እሙኑ ኣሚኑ ቀልጢፉ፣እቲ ጅግና ወዲ ዓሊ ምስ ብጾቱ፣ንወራር ዓሰብ ዝመከቱ፣መማኽርቱ ጠለምቱ፣ሰራሒ ቅያ ሐሙሻይ ዓመቱ፣ ንሐርነት ህዝቡ ዝወፈየ ሂወቱ፣

በቲ ጅግና ድርብ ሐሞት፣ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት፣ስግር ማዕዶ ተዛሪቡ ጎረቤት፣ኣብ ኣስመር ህዝቢ ንሳዓታት፣ናይ ሐርነት ንፋስ ዝነፈሰላ ዕለት።

ብሸም ዋዕሮታት ሐርበኛታት፣እዛ ግጥመይ ንዘኽርኻ ህያብ፣ ብቅጽበት ደይብካዮ ንፎርቶ ብዘብዘብ፣ንኣርዮስ ምስ ጃንድኡ ገርካዮ ከምዘይ ዛረብ፣ኣብ ኣስመራ ጸጥ ኢሉ ህዝቢ ምስ ገረብ።

ሰብ ጹሩራ ምስ ኮኑ ፋይዳ ኣልቦ፣ከም ወዲ ዓልን ብጾቱ ምስ ሰኣኑ ሐቦ፣ጀጋኑ ኣጽኒቱ ቀሲኑ፣ንጳጳስ ነቦና ኣንጠንዮስ ኣሲሩ፣ነቦና ሐጂ ሙሳ ምስ ቀተለ፣እዚ ኣረማዊ ጉጅለ፣ ንባጽዕ ንዓሰብ፣ ንቀይሕ ባሕርና ንኢትዮጵያዊያን ከማስሖ፣ ይጓየ እነሆ ለ።

ኣቱም ደቂ ኤረ፣ኣለና ወ ፈረ፣ዝወጻእና ካብ ብሱል ጥረ፣ሰብ ኒሕ ኣለዉ ደቂኺ ኤረትራ፣ናይ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝተቐበሉ ሐደራ፣ንኤርትራ ዶባታ ከይድፈር ክብራ፣ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ።

ዓወት ነቲ ደም ዝኑብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ‘ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና‘ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን‘ካብ ዉሸጢ ሑሩር‘ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን።